ቃ ል ኣ ም ላ ኽ

# <u>መዝሙር እምነት 69 ቃልካ እዓቑሮ ኣብ ልበይ</u>

1. ቃልካ ንእግረይ ሙብራህቲ ብርሃን'ዩ ኣብ መገደይ፡
   ይመርሕ የድሕን ካብ ሓጥያት፡ የብጽሓኒ ናብ ቤተይ።

ተደጋሚ፡- ኣንጻርካ መታን ከይብድል፡ ቃልካ እዓቑሮ
ኣብ ልበይ፡
ኣንጻር ኣምላኸይ ከይትንስእ ልበይ ቃልካ
ይኸውን መኣደይ።

2. ቃልካ ንዘልኣለም ጸኒዑ ክነብር'ዩ ዎ ጎይታ፡
   ሕያዋይ ሓላዊ ኢኻ ንኹሎም ፍጡራትካ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ወጋሕታ ቐትሪ ብለይቲ፡ ከመስግን ኣምላኸይ፡
   ክኸውን'ውን ንዘልኣለም እግዚኣቢሄር ግደይ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ተነበየሉ ቃል ኣምላኽ፡ መድሓኒ ኮኾብ ጽባሕ፡
   ሰላምን ዕርቅን ኣምጺኡ፡ ናብቶም እተባረሩ።

ኣ.ሓ

# <u>መዝሙር እምነት 70 ቃልካ ከም ስፍራ ኣታኽልቲ</u>

1. ቃልካ ከም ስፍራ ኣታኽልቲ ኲሉ ዝርከቦ፡
   ክወስድ ዝደሊ ኩሉ ክቕንጥብ ትህቦ፡
   ቃልካ ከም ዓሚቕ ስፍራ ማዕድን ኢዩ፡
   ንኹሎም ዝምርምርዎ ሕቡእ ወርቂ'ለዎ።

2. ቃልካ ከም ሰራዊት ጠፈር ምስ ሽሕ ነጸብራቕም፡
   ይመርሕ ነቲ ገያሻይ ጸልማቱ የርሕቕ፡
   ቃልካ ከም ጽቡቕ ዕጥቂ ንወትሃደር ኢዩ፡
   ንኽፉእ ርሱን መንትግ፡ ከጥቅዓሉ ይኽእል።

3. ከፍቅሮ ንኽቡር ቃልካ፡ ዕምቆቱ ክረክብ፡
   ድሙቕ ብርሃን ልኣኽለይ ዕምባቡኡ ክቕንጥብ፡
   ዕጥቀይ ኮይኑ ክረኽቦ ዋልታይ ድማ ክገብር፡
   ተዋጊአ ንኹሉ ሓይሊ ጸልማት ክስዕሮ።

ሻ.ገ

# <u>መዝሙር እምነት 71 ቃል ኣምላኽካ ተመገብ</u>

1. ንነፍስኻ ዝደልይዋ ጸላእቲ ብዙሓት'ዮም፡
   ከይትወድቕ ኣብ ቅድሚኦም ቃል ኣምላኽካ ተመገብ።

ተደጋሚ፦ ነዊሕ ኢዩ፡ መገሻኻ፡ ነዊሕ መገሻ'ሎካ
ተመገብ፡
ከም ኢዛቤል ዝሃድኑኻ ብዙሓት'ዮም፡
ቃል ኣምላኽ ተመገብ።

2. ሓይሊ ክትረክብ ክትብርትዕ ቃሉ ዝቕርበልካ፡
   መድሓኒ ኣሎ ምሳኻ ተቐበል ከይደንጎኻ።
   *<u>ተደጋሚ፦</u>*

3. ኣነ'የ እንጌራ ህይወት በለ ባዕሉ የሱስካ፡
   ንኡ ተመገብ ዎ ሓወይ ንሱ ሓይሊ ይህበካ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ዎ መድሓኒና ንደሊ ክትነብር ኣብ መንጎና፡
   ንኣኼባና ባርኮ ብመንፈስ ኣጽግበና።

   *ተደጋሚ፡-*

ሻ.ገ

# መዝሙር እምነት 72 ቅዱስ መጽሓፍ

1. ቅዱስ መጽሓፍ ኣምላኽና ናተይ ክቡር መዝገበይ፡
   ናተይ ክትነግር ነቲ ፍጥረተይ፡ ምስ ኩነታተይ።

2. ከይኩብልል ትገንሓኒ፡ መድሓኒ ተርእየኒ፡
   ናተይ እግረይ ንምምርራሕ ክትፈርድን ክትመርሕን።

3. ንኣይ ከተጸናንዕ ንመንፈሰይ ክትባርኽ፡
   ተርኢ ብህያው እምነት፡ ሰብ ኣብ ሞት ከም ዝዕወት።

4. ገላጽ መጻኢ ሓጎስ ኣብቲ ቦታ ቕዱሳን፡
   ቅዱስ መጽሓፍ ኣምላኽና፡ ናተይ፡ ክቡር መዝገበይ።

# መዝሙር እምነት 73 ቃ ል ካ

1. ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ ንመንገደይ ብርሃን፡
   ካብዛ ሽጋር ጸልማት ዓለም ብእኡ'ኣቱ ደሓን።
   ነፍሰይ ደስ ይብላ ብቓልካ ተመስግነካ።

2. ቃልካ ዘልኣለም ነባሪ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ፡
   ሓይሊ ስልጣኑ ድማኢ ንኹሉ ዘሎ ጸዋሪ።
   ነፍሰይ ትእመን ብቓልካ፡ የናብራ ኸኣ፡

3. ቃልካ ዘልኣለም ኣብ ሰማይ ጸኒዑ ይነብር፡
   ሰማይን ምድርን ክሓልፍ ቃልካ ግን ከቶ ነይኣርግ፡

ነፍሰይ ትምርኮስ ኣብ ቃልካ፡ ንሱ'ዩ ደገፋ።

4. ቃልካ ህያው'ዩ፡ መስለጢ፡ ዝበልሕ ካብ ሰይፊ፡
   ነፍስን መንፈስን ኣካልን ክሳዕ ዝፈሊ ዝሰጥም፡
   ነፍሰይ ትሕበን ብቓልካ፡ ንሱ'ዩ ዋልታኣ።

# መዝሙር እምነት 74 ቃልካ ሓቂ ኢዩ

1. ኣብ ኣኽራን ጎቦታት ኣብ ስንጭሮ ሩባታት
   ኣብ ጎልጎል ሜዳታት ኣብ ባሕሪ ዔላታት፡
   ጠምየ ዘጽግበኒ፡ ጸሚአ ዘርውየኒ፡
   ቃልካ ጥራይ ኢዩ ደልየ ዘዕግበኒ።

   ተደጋሚ፡- ቃልካ ሓቂ ኢዩ ነባሪ'ዩ ዘልኣለም፡
   መን'ዩ ዝወዳደሮ ካብ ዘሎ ኣብ ዓለም።

2. ንኣመንቲ ሓጎስ ንዝደኸመ ምርኩስ፡
   ንጋሻ መግለሲ ንሕሙማት ፈውሲ፡

ኣብ ቃልካ ጥራይ ኢዩ ዘሎ ምሉእ ዕረፍቲ
ቃልካ መሃረኒ ለይቲ ምስ መዓልቲ።
*ተደጋሚ፦*

3. ንዝጠፍአ መራሒ ንሰራዊት ዕጥቂ ሴፍ፡
ንጉሁይ መሓጎሲ ንጥፉእ መላሲ፡
መፍትሒ ንሽጉራት መርሃዊ ንጭኑቓት፡
ቃልካ ጥራይ ኢዩ ዘጸናንዕ ሕዙናት።
*ተደጋሚ፦*

4. ቃልካ ነባሪ ኢዩ፡ ኣብ ጸልማት ድሙቕ ብርሃን፡
ዝመርሕ ናብ ምድሓን ዘእቱ ብደሓን፡
ንህይወት ዘዕንግል ዚኸውን መግቢ ዓለም፡
ኩሉ ክሓልፍ ከሎ ህያው ኢዩ ዘልኣለም።
*ተደጋሚ፦*

5. ኣምላኸይ ደግፈኒ ክሕሉ ቅዱስ ስርዓት፡
ኣብቅዓኒ ክርኢ ኣብ ቃልካ ተኣምራት፡
ካብ ገሃንም ዘውጽእ ካብ ዘልኣለም ቅጽዓት፡
ቃልካ መሃረኒ ኣብ ዝኾነ ሰዓት።

መ.ኣ

# መዝሙር እምነት 75 ኣዒንተይ ክፈቶ

1. ኣዒንተይ ክፈቶ ኣርሒቐ ክርኢ
ቃልካ ክኾነለይ ጥንኩር መሳርሒ፡
ብሉጽ'ዩ ካብ ኩሉ ኣልማዝ ይኹን ወርቂ፡

ኣዒንተይ ከፈቶ ኣርሒቐ ከርኢ። (2)

2. ኲሉ ከም ቃልካ'ዩ ዝርከቦ ክብረት፡
ኲሉ ከም ፍቓድካ ዘኸትሎ ዓወት
ንኹሉ ክፈልጦ ብምሉእ ምስትውዓል፡
ጎይታ መግበኒ ብጥዑም ቃል ህይወት።፡(2)

3. ኣዒንተይ ከፈቶ ፍቓድካ ከለሊ፡
ብጸጋ ክዓቢ ኣብ ምልኣት ናይ ፍቕሪ፡
ኣጥምቆ ህይወተይ ብሓዊ ዘጽሪ፡
ምልኣኒ መንፈስካ ክብርኻ ከውሪ። (2)

4. ኣዒንተይ ክፈቶ ኣዕሚቐ ክኹዕት፡
ክበጽሕ ኣባኻ ኣብ ከውሒ መሰረት፡
ህይወተይ ክትህነጽ ብዘይ ገለ ጉድለት፡
ፍቓድካ'ዩ ጎይታይ ክበርህ ኣብ መሬት። (2)

5. ኣዒንተይ ክፈቶ ዎ ትርኢ ኣምላኽ፡
ኣብ ማእከል ኣጻምእ እትልእኽ መልኣኽ፡
ፈልፋሊ ዒላ ማይ ኣብ ቀረባይ ዘሎ፡
ካብሉ ሰትየ ክርዊ ኣዒንተይ ክፈቶ። (2)

ት.ተ

# መዝሙር እምነት 76 ጎቦ ልበይ ኣፍርሶ ብቓላትካ ሕረሶ

1. ከምቲ ኣብ መገዲ ዝወደቐ ዘርኢ፡
   ዝውሰድ ዝምንጠል ብሰይጣን ጸላኢ፡
   ከይከውን ቃላትካ የሱስ ኣብ ህይወተይ፡
   ብዝሰምዖ መጠን ፍረ ኣብዝሓለይ፡

ተደጋሚ፡- ጎቦ ልበይ ኣፍርሶ ብቓላትካ ሕረሶ

ሚእትን ስሳን ሰላሳን ከፈሪ ኣለስልሶ፡

2. ቀልጢፉ ዝበቁል ኣብ ከውሒ እተዘርኤ
   ጸሓይ ምስ በረቐት ከሃጉግ ዝርኤ፡
   ብስደትን መከራን ጎይታ ከይክሕደካ፡
   ሰርታ ህይወተይ ኣቑማ ኣብ ቃላትካ፡
   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ሓልዮት፡ ሃብትን፡ ትምኒትን ንቓላትካ ዝሓንቆ፡
   ጸሃዮ ካብ ልበይ ንእሾኽ ኣርሕቆ፡
   መቐደስካ ክኸውን ንልበይ ኣጽርዮ፡
   ቃላትካ ከፈሪ መንፈስካ ምልኣዮ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ከምቲ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ዝወደቐ ቃላትካ፡
ብዙሕ ፍረ ክትፈሪ ህይወተይ ብጸጋኻ፡
ወደ መዝሙር ክኸውን ንኣቦውን ክኸብሮ፡
ንዘልኣለም ቃላትካ ኣብ ልበይ ኣሕድሮ።

ዑ.ሃ